Australian Government
Department of Health

ሕማም ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19)

# ሓበሬታ ብዛዕባ ብቐረባ ምትንኻፍ ምስ ኮሮናቫይረስ ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ

ኮሮና ቪረስ ሕማም (ኮቪድ-19) ከምዘለዎ ምስዝተመርመረ ሰብ ብቐረባ ከምዝተተናኸፍኩም እንተተፈሊጥኩም፡ ኣብ ሓደጋ ሕማም ኣብትህልውሉ እዋን ናይቲ ምልክታት ምዕባለ ንምክትታል ኣብ ከባቢኹም ካብዘሎ ነቑጣ ህዝባዊ ጥዕና ኪኢላ ሕክምና መዓልታዊ ክራኸበኩም እዩ። ምስ እቲ ሕማም ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ድሕሪ ምርኻብኩም ን14 መዓልታት ገዛእ ርእስኹም ፍለዩ። ነዚ ሓበሬታ ድማ ብጥንቃቐ ኣንብብዎ።

## ኣብ ገዛኻ ገዛእ ርእስኻ ምፍላይ እንታይ ማለት እዩ?

እቶም ክፍለዩ ዝተነግሮም ሰባት ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ክርከቡ የብሎምን፡ ብፍላይ ኣብ ስራሕ፥ ቤት ትምህርቲ፡ መውዓሊ ቖልዑ ወይ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክኸዱ የብሎምን። እቶም ኣብቲ ገዛ ምስኦም ዝነብሩ ጥራይ እዮም ምስኦም ክህልዉ ዝግባእ። ናብ ገዛኹም በጻሕቲ ክመጽኹም ኣይተፍቕዱ። ኣብ ገዛ መሸፈኒ ወይ ማስከ ምውዳይ ኣየድልን እዩ። እንተተኻኢሉ ኣዕሩኽ ወይ ኣባላት ስድራኹም ክፍለዩ ዘይድለ እንተኾይኑ መግቢ ብምቕራብ ወይ ብኻልእ ከምዝሕግዝኹም ግበሩ። ከም ንሕክምና ዝበለ ካብ ገዛ ምውጻእ ናይ ግድን ዘድልየኩም እንተኾይኑ ናይ ሕክምና መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ውደዩ።

## ኮሮናቫይረን ሕማም ኮቪድን እንታይ እዩ?

ኮሮናቫይረሳት ንደቂ ሰባትን እንስሳታትን ዘሕምሙ እዮም። እዚ ሓዲሽ ኮሮና ቫይረስ ካብ ቻይና ክፍለ ሃገር ሁበይ ዝመንጨወ ኮይኑ እቲ በዚ ቫይረስ ዝኸሰት ሕማም ድማ ኮቪድ-19 ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኮሮናቫይረሳት ዓቢ ናይ ቫይረሳት ስድራ ኮይኖም፡ ኣብ ስርዓተ ምስትንፋስ ረኽሲ ዝፈጥሩ ምዃኖም ይፍለጡ። እዞም ሕማማማት ካብ ልሙድ ሕማም ሰዓል ኣትሒዙ ክሳብ ኣዚዩ ከቢድ ዝኾኑ ሕማማት ከም ኣዚዩ ጽኑዕ ሕማም ምስትንፋስ (SARS) ከምኡ'ውን ናይ ማእካላይ ምብራቕ ሕማም ምስትንፋስ (MERS) የጠቓልል።

## እዚ ኮረናቫይረስ ብኸመይ እዩ ዝስፍሕፋሕ?

ኮቪድ-19 ብብዝሒ ዝስፋሕፍሓሉ መገዲ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኮይኑ ብኸምዚ ዝስዕብ ይላገብ

- ምስ በቲ ሕማም ዘለዎ ሰብ ብምትንኻፍ ወይውን ኣብ 24 ሰዓታት ቅድሚቲ ምልክት ምርኣዩ ምትንኻፍ።
- ምስሓደ ዘስዕል ወይ እንጥሾው ዝብል እቲ ሕማም ከምዘለዎ ምስዝተረጋገጸ ሰብ ብቐረባ ብምትንኻፍ።
- እቲ ሕማም ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ንዝሰዓለሉ ወይ እንጥሾው ዝበለሉ ከም መትሓዚ ማዕጾ ወይ ጠረጴዛ ድሕሪ ምትንካፍ ኣፍካ ወይ ገጽካ ምትንካፍ።

ዝበዝሑ ሕማማት ብሰባት ዝመሓላለፉ ምልክታታ ምስ ኣርኣዩ ጥራይ እዩ። እዞም ምልክታት ከም ረስኒ፡ ምስዓል፡ ሕርኽርኽ ዝብል ጎሮሮ፡ ድኻምን ሕጽረት ምትንፋስን ይርከብዎም።

እቲ ሕማም ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ብቐረባ ዝተናኸፉ (ከም እቶም ምስቲ ዝሓመመ ብሓባር ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብሩ ወይውን ንንውሕ ዝበለ ግዜ ብቐረባ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ቦታ ዝጸንሑ) እቶም ልዑል ሓደጋ ናይ ምሕማም ዘለዎም ሰባት እዮም።

## ሓደ ሰብ ክሳብ ክንደይ እዋን'ዩ ነቲ ሕማም ናብ ካልኦት ከላግብ ዝኽእል?

ሓደ ሰብ ዝላገብ ሕማም ሒዙ ዝጸንሓሉ ንውሓት ግዜ ማለት ነቲ ሕማም ናብ ካልኦት ዘስፋሓሉ ንውሓት ግዜ ዛጊት ፍሉጥ ኣይኮነን። እንተኾነ ብመሰረት ዝወጹ ዘለዉ ሓደሽቲ መረዳእታት ዝተሓተ ምልክት ምልባዕን ቅድመ ምልክት ምምሕልላፍን ኣለዉ። ሓደ ሰብ ነቲ ሕማም ካብ ቅድሚቲ ንፈለማ እዋን ምልክት ዝተራእየሎም ክሳብ ሓደ መዓልቲ ድሕርቲ ምልክት ደው ዝበለሉ ነቲ ሕማም ከመሓላልፉ ይኽእሉ።

## ንከቢድ ሕማም ንኽቃላዕ ኣብ ኣዝዩ ሓደጋ ዘሎ መን'ዩ?

ገለ ሰባት ዋላ እንተተለኽፉ'ውን ፈጺሞም ዘይሓሙ ኣለዉ። ገለ ድማ ምጡን ምልክታት ኣርእዮም ብቕሊሉ ዝሓውዩ ኣለዉ፡ ገለ ድማ ኣዚዮም ቀልጢፎም ዝሓሙ ኣለዉ። ካብ ዝሓለፈ ተመኩሮ ናይ ካልኦት ኮሮናቫይረሳት፡ እቶም ኣዚዮም ኣብ ሓደጋ ሕማም ዝወድቁ እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዝተዳኸመ ሰባት (ንኣብነት ሕማም ካንሰር ዘለዎም)
- ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት
- ልዑል መጠን ሕዱር ሕማም ዘለዎም ህዝቢ ኣቦርጂንን ቶረስ ኣይላንደራዊያን
- ሕዱር ሕክምናዊ ጸገም ዘለዎም ሰባት
- ብጉጅለ ዝነብሩ ሰባት
- ኣብ መቐየዲ ማእከላት ዝነብሩ ሰባት
- ኣዚዮም ነኣሹ ቖልዑን ሕጻናትን*

*ኣብዚ ደረጃ ኣብ ቆልዑን ሕጻናትን ዘሎ ሓደጋን ቆልዑ ኣብ ምምሕልላፍ ኮቪድ-19 ዘለዎም ተራ ንጹር ኣይኮነን ዘሎ። እንተኾነ ዛጊት መጠን ምሕማም ብኮቪድ-19 ኣብ ቆልዑ ምስ ሓፈሻዊ ህዝቢ ክነጻጸርከሎ ትሑት እዩ ዘሎ።

## እቲ ምልክታት እንተተራእዩኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

እቲ ምልክታት እንተ ኣማዕቢልኩም (ረስኒ፡ ምስዓል፡ ዝሕርሕር ጎሮሮ፡ ድኻም ወይ ሕጽረት ምትንፋስ) ኣብ ዉሽጢ 14 መዓልታ ድሕሪ ምስ ኮረና ቫይረስ ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ድሕሪ ምርኻብ ንህጹጽ መርመራ ምስ ዶክተርኩም ከምትራኸቡ ግበሩ።

ቅድሚ ምኻድኩም ናብ ናይ ጥዕና ክልኒክ ወይ ሆስፒታል ደዊልኩም ብዛዕባ ኩነታት ጉዕዞኹም ወይ ምስ ኮረናቫይረስ ከምዘለዎ ዝተረጋገጸ ሰብ ርክባት ጌርኩም ከምዝነበርኩም ሓብሩ። እስካብ ሰብ መዚ ጥዕና ናብቲ ልሙድ መዓልታዊ ንጥፈታትኩም ክትምለሱ ጸገም ከምዘይብሉ ሓቢሩ ዘፋንወኩም፡ ኣብ ገዛኹም ወይ ኣብ ሆቴል ወይውን ኣብ ንጥዕና መከናኸኒ ነቑጣ ተፈሊኹም ጽንሑ።

## እዚ ቫይረስ ብኸመይ እዩ ዝፍወስ?

ንኮሮናቫይረስ ዝተፈልየ ፈውሲ የለን። ጻረ ተሃዋስያን (ኣንቲባዮቲክስ) ኣንጻር ቫይረስ ኣድማዕቲ ኣይኮኑን። ዝበዝሑ እቶም ምልክታት ብደጋፊ ሕክምናዊ ክንክን ክፍወስ ይከኣልዩ።

## ኮሮናቫይረስ ከይላባዕ ንምክልኻል ብኸመይ ክንሕግዝ ንኽእል?

ጽቡቕ ንጽህና ናይ ኢድን ዕንጥሾው/ምስዓልን ዝበለጸ መከላኸሊ ናይ ዝበዝሑ ቫይረሳት እዩ። ክትገብርዎ ዝግባእ እምበኣር፥

- ቅድሚን ድሕሪን ምብላዕኩምን፡ ካብ ሽቓቕ ድሕሪ ምውጻእኩምን ኣእዳውኩም ብሳሙናን ማይን ብተደጋጋሚ ተሓጸቡ።
- እንጥሾው ወይ ክትስዕሉ ከለኹም ተሸፈኑ፡ ዝተጠቐምክምሉ መሃረብ ወረቐት ጎሓፉ፡ ኣልኮል ዘለዎ መንጽሂ ኢድ ተጠቐሙ።
- ጽቡቕ ምስዘይስመዓኩም ምስ ካልኦት ምርኻብ ኣቋርጹ (ካብ ካልኦት ሰባት ብ 1.5 ሜትሮ ተረሓሓቑ).

## መሸፈኒ ገጽ ክወዲ ይግበኣኒዶ?

ጥዑያት እንተኾይንኩም መሸፈኒ ገጽ ወይ ማስክ ምውዳይ ኣየድልየኩምን እዩ። ማስክ ምግባር ነቲ ሕማም ካብ ሕሙም ናብ ካልእ ከይመሓላለፍ ዝከላኸል እንተኾነ'ኳ፡ ኣብዚ እዋን እቶም ጥዑያት ኣባላት ህዝቢ ንኸም ኮሮናቫይረስ ዝበሉ ተላባዕቲ ሕማማት ንምክልኻል ክበሃል ምውዳይ ማስክ ኣየድልን እዩ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ካበይ ክረክብ ይኽእል?

ንእዋናዊ መምርሒታት፥ ሓበሬታን ጠቐምቲ ነገራትን ንምርካብ ኣብ www.health.gov.au ብጽሑ።

ናብ ሃገራዊ ኮሮናቫይረስ ናይ ሓግዝ መስመር ቑጽሪ 1800 020 080 ደውሉ። እዚ ሓገዝ መስመር 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ፡ ሸውዓተ መዓልታት ኣብ ሰሙን ክፉት እዩ። ኣገልግሎት ትርጉም ናይ ቃል ወይ ናይ ጽሑፍ እንተደለኹም ብቁጽሪ ተሌፎን 131 450 ደውሉ።

ናይ ክፍለግዝኣትኩም ወይ ፍሉይ ምምሕዳር ትካል ህዝባዊ ጥዕና ቁጽሪ ተሌፎን ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣለኩም፡ www.health.gov.au/state-territory-contacts

ብዛዕባ ጥዕናኹም ስግኣት እንተለኩም ንዶክተርኩም ሓብርዎ።